# ሓርነትን ማዕልን ህዝቢ ምስ ተራጋገጸ፡ «.

ሰላምደቂ ኤረይ ደይቲ ሰናይ
ገለን ብማይ ገለን ሳኣን ማይ
ኣጆና ሰሰናዩ ጥራይ ምምናይ,

ነገር ዘይጸገበ ዱል ዋጣይሕጸ
ሓርነትን ማዕልን ህዝቢ ምስ ተራጋገጸ
ህዝቢ ኤርትራ ቆጽሊ ኣውዲቑ ምስ ሚጸ«

ናብቲ ዝማዕበል ኣሳራራሐ ትስግር እንበረ
ሕጂ ደኣ ኣቱምደቂ ኤረ
ህዝቢ ብጬፍራ እንዳ ተሸበረ«

እቶምብቑጽሮምዉሑዳት ይሚሕዋ
ንኤርትራ ዋጋ ዘይከፈሉላ እንዳ ኣንብዕዋ
እዚኦምከለዉዓዲ ጀጋኑ ኣበይ ክርህዋ፡ «፡

እቶምብሂወት ዝተረፍና
ካብኩሉ ተኾሊፍና
ብውዲት ዓድና ከሲርና
ን30 ዓመታት ደሚ
ክሳብሎሚሓርነት ሓሪመና
ንሓርነት ከርተት ንብል ኣለና፡ «፡

ክንዲ ንፍትሒ ንደሞክራሲ
ኢደይ ኢድካ ኢልና ንቃለስ
ስለምንታይ ንድሕሪት ንምዛስ፡ «፡

ዓሻ በጊዕ ምስ ተኾላ ዕርክነት
ቃልስና ንሓርነት ጸረ ባርነት
ብደምና ተራጋጊጺ ልእላውነት
ሕጂ እንታይ ኣምጽኦ ኣንድነት,

እንታይ እሞ
እዛ ዓለምዚኣሞ
ንኣዳምሞ ገረሞ «፡

ድጉል ዕላማሕጂስ በሪሁ
ኣብእርጋኖምኣስናኖምበሊሑ
ጥጁኡ ብውሽጥና ተደጉሉ ጸኒሑ;

ወዲ 80 ምስ ደለየ ጎርዞ

ኣንፈቱ ስሒቱ ቲ ጉዕዞ
ጉዳይና ባዕልና ንሐዞ«

ቅዋምሐርነት ሐሪመና ከሎ
መቓብር ሰማእታት የእዊሎ
ኤረና እንታይ ዩ ዝወረ ዘሎ
መንዩ ደላይ ፍትሒ ይበሃል ኣሎ
ኦ ኣምላኽ ረቢ ባዕልኻ ኣቕልሎ«

ካብ መግዛእቲ ኮይና ሐራ
ኢሰያስ ብውሽጢ ኤርትራ
ብደገ ኣንድነት ምስ ኣምሓራ
ትንፋስ ሰኹዖ ምዎዮምጭፍራ«

ምስ ሐንጎሉ ዝጸመመ
መንዩ ክድዓት ዝደጋገመ
ዕርክነት ምስ ኢሰያስ ዝፈረሙ«

ናይ ሕጊ መሁራት ክሐተኩምዶ
እንታይዩ ርክብኩምምስ ስግር ማዕዶ
ን57 ዓመት ዝፈሰሰ ደምተረሲዑዶ
ተጋጊ ኹምጋዶ ኤርትራዊያን ፈራዶ«

ብጭፎሖ ተጋሩ ኣምሐሩ
ኤርትራውነት ሐሲሩ«

ኤርትራ ንኤርትራዊያን፡ እንዳ በልኩ ንሎሚ ብከምዚ ክዛዝሞ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፡ ዓወትነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና፡ ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ «፡